ልበወለዳዊ ድርሰት **ኣወንታዊ ሰውራ** ራብዓይ ክፋል

ብሃይለ ገብሩ **ተመክሮ ዓዲ ተኣምር**

# ሓቂ ክቐብር ነብሱ ክቐበር ወሲኑ

ብማዕዶ ጭልምልም ዝብል ብርሃን ነበረ።እናቐርብካ ክትከይድ ከለኻ ድማ ቃንዛን ትሑት ኣውያትን ይስማዕ ነበረ። እቲ ግዜ ሰሓቕ ጸወታ ምብጫው ትምክሕቲ ተወዲኡ ሓቂ ብዘሕምም ኣገባብ ክትወጽእ ዝደለየት ትመስል። ሓንጐልን ካልኦት ኣካላትን ድርቅና ቃንዛ በርትዕዎም እምቢ ኣይንእዘዝን ኢሎም፡ ኣድማ ዝገበሩ ይመስሉ። እናተቐንዘኻ ሰሓቕ ፍጹም ክቐበልዎ ኣይደለዩን። እቲ ክሕባእ ዘይነበሮ ውሽጣዊ ቃንዛ ፈንጺጉ ንግዳም ወጺኡ ነበረ። ድርቅና፡ ንቃንዝኡ ክሓብእ ዝገብሮ ኩሉ ፈተነታት መሊሱ ዝያዳ ቀንዛ ዝዕድም ኮይኑ፡ ንባዓልቲ ቤቱ እንታይ ከም እተረኽበ ክነግራ ወሰነ። ብተመን ከምዝተለኽፈን ሞቱ ክተርፎ ከምዘይኮነን ብግልጺ ሓበራ።በዓልቲ ቤቱ ከተእዊ ፈቲና፡ ብኽሳዳ ሓኒቑ 'ብጭቕ እንተድኣ ኢልኪ ክሕንቀኪ ምኻነይ ፍለጢ' ኢሉ ኣፈራርሃ። ንስንባደኣን ኣውያታን ዊሒጣ፡ ምስክንይቲ በዓልቲ ቤቱ ደኒና ትነብዕ ነበረት።ድሕሪ ቅሩብ ግን ብድድ ኢላ ነቲ መመሊሱ ዝውስኽ ዝነበረ ረስኒ ሰውነቱ ንምዝሓል ኣብ ዙሑል ማይ ጨርቂ ኣጠልቀያ ኣብ ርእሱ ኣቐሚጣትሉ ነበረት። ንሕክምና ክትወስዶ ሓቲታቶ ንሕክምና ክኸይድ ከምዘይደሊ ሓቢርዎ እዩ። ሕክምና እንተድኣ ከይዱ ሓካይም ብተመን ከም እተነኽሰ ክፈልጡ እዮም። መስሓቕ ዓዲ ተኣምር ክኸውን እዩ።ምርጭኡ ምስጢሩ ኣዕቂቡ ኣብ ገዝኡ ክመውት እዩ።ንበዓልቲ ቤቱ ምስ ሞተ ውን ብተመን ሞይቱ ከይትብል ኣጠንቂቕዎ እዩ።

ብኣውያትን ቃንዛን እተረበሹ ደቂ ድርቅና ኣብ መደቀስኦም ተዓጽዮም ይከታተሉ ነበሩ። እቲ ትእዛዙ ግድን ክፍጸም ዘለዎ ኣቡኦም ኣብ መደቀሲኦም ክኸዱ ሰለ ዝኣዘዞም ትእዛዙ ከኽብሩ ነይሩዎም። እቲ ከቢድ ዝሰምዕዎ ዝነብሩ ቃንዛ ግን ከደቅሶም ኣይከኣለን።

ቃንዛ እናበርትዐ፡ ኣውያት እናሓየለ ሰውነቱ ድማ እናደኸመ፡ ህይወቱ ክትሓልፍ ሰዓታ እናቐጸረት፡ ኣብ መንጐ ሃንደበታዊ ጉዳይ ተረኽበ። ድርቅና ኣውያትን ቃንዛን ገዲፉ ሓዲሽ ሓይሊ ረኺቡ ብድድ በለ። ሳእኑ መሊሱ ብቕልጣፈ ንውሻጠ ገዝኡ ኣተወ። በዓልቲ ቤቱ ገሪምዎ ሰቕ ኢላ ትዕዘብ ነበረት።

ኣብ ውሽጠ ገዝኡ ኣትዩ ሽጉጥ ጨርባሕባሕ ምስ ኣበለ ግን በዓልቲ ቤቱ ሰንቢዳ ተንቀሳቐሰት። ነብሱ ክቕትል ዝደለየ ስለ ዝመሰላ፡ በጃኻ ኢላ ክትልምኖ ንውሻጠ ሰዓበቶ።ድርቅና ብበዓልቲ ቤቱ ብዙሕ ከይተገደሰ ቅልጥፍቅልጥፍ ኢሉ እናሰጐመ

ንግዳም ክወጽእ ማዕጾ ከፈተ። በዓልቲ ቤቱ ውን ደድሕርኡ ክሳብ ኣፍደገ ሰዓበቶ። ኣብ'ዚ ቀረባ በጺሐ ክመጽእ እየ ኢልዎ ንድሕሪት ከይጠመተ ገዲፍዎ ዕዝር በለ።

## ድርቅና ታሪኽ ክገድፍ ህይወት ስብ ክቕዝፍ ወሲኑ

ድርቅና ብህይወቱ ከሎ ከቢሩ፡ ምስ ሞተ ውን ብኽብረት ክዝከር ደለየ።ብህይወቱ ከሎ ዝረኸቦ ክብረት ምስ ሞተ ክስእኖ ኣይደልየን። እዚ ክኸውን ግን ነቲ ንምስጢሩ ዝፈልጥ፡ ብተመን ከምእተለኸፈ ኣረጋጊጹ ዝፈልጥ፡ ንሽዊት ክቐትሎ ወሰነ። ድሕሪ'ዚ ሓሳብ እዚ ካልእ ሓሳብ ውን ኣማዕበለ። ንሽዊት ቀቲሉ ንነብሱ ውን ብጥይት ክቐትላ እሞ፡ ምኽንያት ሞቱ ሽዊት ስለ ዘሕረቖ፡ ንዕኡ ቀቲሉ ነብሱ ከምዝቐተለ ክዝንቶ ደለየ። ንሽዊት ቀቲሉ ነብሱ እንተድኣ ቀቲሉ፡ ብተመን ከም እተለኸፈ ዝፈልጥ ክህሉ ከምዘይኮነ ገመተ። እቲ ፈውሲ ቃንዛ ኮይኑ ነታ ክትመውት ቀሪባ ዝነበረት ኣካሉ ብድድ ዘበላ እዚ ሓደገኛ መደብ'ዩ። ነቲ ክፉእ መደቡ ንምፍጻም ከኣ ንቤት ሽዊት ሃንደፍ ሃንደፍ እናበለ ይጐዓዝ ነበረ።

ኣተሓሳስባ ድርቅና ከም ሰውነት ተምን ልሉስን ተዓጻጻፍን እንተዝኸውን ህይወቱን ህይወት ካልኦትን ምደሓነ። ተመን ኣብቲ ሓርፋፍ ገጽ መሬት ንጠባይ እቲ መሬት መሲሉ ዝንቅሳቐስ እግሪ ዘይብሉ ለመምታ እዩ። ጠባይን ኣገባብ ኣተሓሳስባን ደቂ ሰብ ብኸምኡ ኣገባብ እንተዝሰርሕ ነቲ ኣብ ህይወት ዝጓነፈና ዕንቅፋታት ሰጊርና ንቕድሚት ክንስጉም ኣይምተጸገምናን። ንቕድሚት ምእንቲ ክንሓልፍ ንኽውገድ ዘይግብኦ ከነወግድ ኣይምተቓለስናን። ድርቀና ግን ኣገባብ ኣተሓሳስብኡ ከም ንቑጽ ልሕጺ ደሪቕ እዩ።ንነብሱ ተሰቢሩ ንኻልእ ውን ክጐድእ ተዳልዩ ነበረ። ምስጢሩ ከይወጽእ ታሪኹ ብኽብሪ ምእንቲ ክዝከር ህይወቱን ህይወት ሽዊትን ብጥይት ከልግስ ውሲኑ ነበረ። ዘሕዝን ታሪኽ እዩ።

ሃንደፍደፍ እናበለ ኣብ ገዛ ሽዊት በጺሑ ማዕጾ ምስ ኳሕኳሐ ግሩህ ሽዊት በዓልቲ ቤቱ ጽናሕ ኣይትኽፍት ኣናበለቶ ማዕጾ ገዝኡ ከፊቱ ንገዝኡ ጋህ ኣበሎ። ድርቅና ምኻኑ ምስ ፈለጠ፡ ለይቲ ምድሪ ዘዛወሮ ካባይ ሓገዝ ደልዩ እዩ ዝኸውን ብምባል ' እንታይ ክገብረልካ እንታይ ክሕግዘካ ' ኢሉ ንድርቅና ሓተቶ።ድርቅና ንጽህናን ግርህናን ሽዊት ርእዩ ብልቡ ራህረሀ።ብልቡ 'እንታይ ምስገበረኒ እየ ነዚ ንጽህ ክቐትል ዝመደብኩ?' እናበለ ንነብሱ ሓተታ።ግን ኣቲ ዓብላሊ ኣሉታዊ ውሻጣዊ ስሚዒቱ 'ላንጋ ላንጋ ኣይትኹን ስራሕካ ቀጽል ቅተሎ' ይብሎ ነበረ። በዚ ምኽንያት ብቕልጡፍ ክቕትሎ ውሰነ።ሽጉጡ ከውጽእ ኢዱ ኣብ ጅብኡ ድሕሪ ምኽታቱ ግን ብሃንደበት ሃለውቱ ኣጥፍኡ ራዕ ኢሉ ወደቐ።

## ንዓዲ ተኣምር ዘስሕቕ ኣይሰኣንን እዩ

ሽዊት ነዚ ኣብ ኣፍደገ ገዝኡ ዝመጸ ሽግር ንምእላይ ተቐላጢፉ ንድርቅና ንሕክምና ወሰዶ።ዶክተር ንድርቅና እናመርመሩ ኣብ'ቲ ግዳም ግን ብዙሓት ተኣኪቦም እንታይ ከም ተረኺበ ንሽዊት ይሓትዎ ነበሩ።እቲ ዝነገሮም ግን ፍጹም ምእማን ሰኣንዎ።ሽዊት

ንድርቅና ሕዙ ንሕክምና ምምጽኡ ፍጹም ኣጠራጠሮም። ‘ለይቲ ምድሪ ገዛይ መጺኡ’ እንተበሎም ክቕበልዎ ኣይከኣሉን። ‘ስለ ምንታይ’ዩ ንገዛኻ መጺኡ’ እንተበልዎ ሸዊት ‘እንድዒ’ ክብሎም ከሎ ዝወሓጥ መልሲ ኮይኑ ኣይረከብዎን።

ኣብ መደበር ፖሊስ ከምዘሎ ሰብ፡ ሸዊት፡ ሕቶ ኣብ ርእሲ ሕቶ ይምልስ ነበረ። ኣብ መወዳእታ ግን ድርቅና ብተመን ከም እተለከፈ ከእምኖም በቒዑ እዩ። ሓደ ካብ’ቶም ኣኩባት ዝያዳ ክርድኦም ንኹሉ እቲ ዛንታ ከዘንትወሎም ሓተቶ።ሸዊት ክምልስ ከሎ ትያትር ዝሰርሕ ዝነበረ ይመስል።

‘ከም’ቲ ኣብ ምዕዶ እትርእይዎ ዘለኹም ልሕጺ ብማዕዶ ተመን ረኣኹ እሞ ተመን ከምዝረአኹ ተዛረብኩ። ድርቅና ግን ተመን ምኻኑ ኣይኣመነን ስለ’ዚ ከረጋግጽ ኢሉ ከም’ዛ ዝገብራ ዘለኹ ስጉም ስጉም ኣቢሉ ናብ’ቲ ተመን ቀሪቡ ሓፍ ኣበሎ’ ኢሉ ነቲ ልሕጺ ሓፍ ኣበሎ።ወዮም እኩባት ዳርጋ ብሓደ ድምጺ እቲ ልሕጺ ተመን ኮይኑ ተራእይዎም ‘ደርብዮ ተመን ኢኻ ሕዝካ ዘለኻ እናበሉ ጨደሩ’ ሸዊት እቶም እኩባት ደጋጊሞም ተመን ምስ በልዎ ተጠራጠረ። ኣቕሪቡ ጠመቶ፡ ብኢዱ መሊሱ ዳህሰሶ ልሕጺ ምኻኑ ኣረጋገጸ። እቶም እኩባት ተመን ምባሎም ግን ኣጠራጠሮ። ካብ ንህዋሳቱ ንእኩባት ኣመነ። ህዋሳቱ ደንዚዙ ልሕጽን ተመንን ምፍላይ ዝሰኣነ መሰሎ።ተመን ዝሓዘን ብተመን እተለኸፈን መሲልዎ ነቲ ልሕጺ ሰው ኣቢሉ ራዕ ኢሉ ወደቐ።እኩባት ተሰኪሞም ኣብ ሓኪም ኣብጽሕዎ።

ዶክተር እቲ ጉዳይ ገሪምዎ ‘እትማን ውግእ ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰብ ከፊቶም ክኾኑ ኣሎዎም ነዚ ክኣምኖ’ በሉ። ቅድሚ ዝኾነ መርመራ፡ ዶክተር ኣብ’ቲ ቦታ ተረኺቦ ክበጽሑ ወሰኑ።ነቲ ንሸዊት ዘሰንበደ ልሕጺ ውን ረኺብዎ።ተመሊሶም ንሸዊት ዝሑል ማይ ገይሮም ገጨብዎ። ሸዊት ተበራበረ። ዶክተር ‘ጥዑም ድቃስ ዶ ነይሩ?’ በልዎ። ሸዊት ብስንባደ ብድድ ኢሉ ‘ዶክተር ደቂሰ ኣይኮንኩን ብተመን ኢየ ተነኺሰ’ በሎም። ዶክተር እናሰሓቑ ‘ሸዊት ንዓዲ ተኣምር መስሓቕ ዝኸውን ነገር መቸም ኣይትስእንን ኢኻ። እቲ ዝሓዝካዮ እንሃልካ ልሕጺ እዩ’ በልዎ። ወዮም እኩባት ነቲ ወረ ምስ ሰምዕዎ ብተግባሮምን ተግባር ሸዊትን ተገሪሞም ብሰሓቕ ፈልሑ።

ጉዳይ ድርቅና፡ ከም ጉዳይ ሸዊት መስሓቅ ክኸውን ምሓሸ።ጉዳይ ድርቅና ግን ክብድ ዝበለ እዩ። ዶክተር እንታይ ከምዝገብሩ ጠፊእዎም ይጭነቑ ነበሩ። ተስፋ ከይቆረጹ ኩሉ ዝኽእልዎ ፈተነ ይገብሩ ነበሩ። መውዳኣታ ጻዕሮም እንታይ ምኻኑ ዝዛረብሉ ሰዓት ግን ርሑቕ ኣይነበረን።

--------------------ክቕጽል እዩ-----------------